# ክላ ደይ ኩሉ ሓደ እዩ።

ብዙሕ ግዜ ዘይቅቡል ኣበሃህላታት ክዝረብ ይስማዕ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ዋዕላ ወይ ኣኼባ ዝግበረሉ እዋናት። ሓደ ናይ ሓባር ጉዳይ ዝምልከቶም ሰባት፡ ብዛዕባ ጉዳዮም ክእከቡን ክመያየጡን ኣግዳስነቱ ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ፡ ኣኼባ ወይ ዋዕላ ኣሎ ተባሂሉ ይምደብ እሞ፡ ዝምልከቶም ስለ ዝኾነ መዓልትን ቦታን ግዜን ይሕበሩ። እንትኾነ ግን ኣብቲ ኣኼባ ኣይርከቡን። ስለምንታይ ከምዘይ መጹ ምስ ተሓቱ፡ እዚ ዝስዕብ ዕባራ ቅቡል ዘይኮነ ምኽንያታት ክቐርቡ ይስምዑ።

1. እንታይ ክንከደሉ ደይ ከምቲ ናይ እዩ ዝኸውን፡
2. ሓድሽ ነገር ኣየምጹኡን እዮም፡
3. እቶም ዝኸዱ ይኣኽልዎ፡
4. ግዜኻ መጥፍኢ እዩ፡
5. ረሲዔዮ ወዘተ... ዝብሉ ይርከቡዎም።

እቲ ዘገርም ተገልቢጦም ከዕዘምዝሙ ምስምያም የደንጽወካ። እቲ ኣኼባ ትጽቢቶም ዘየማልእ ኮይኑ ምስ ሰምዕዎ፡ ኣይበልናን"ዶ። ክምዚ ከምቲ ግዳ ዘይዛረቡን ዘይገብሩን ዝብል ሓቅነት ዘይብሉ ዘረባታት ከዳኽሩ ይስምዑ። ነቲ በቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ዝወጸ ውሳነታት ከናሽዉን ዘይ ተገዳስነት የርእዩን።

1. እንታይ ክንከደሉ፣ ብቐዳማይ ከይዶም ርእይቶን ሓሳባት እንተዘየቕሪቦም፡ ሰሚዒም ዝኸዱ እንተድኣ ኮይኖም' ወይ ዝተውህቦም ከተግብሩ ኣልዎም፡ ወይድማ ከዕዘምዝሙ የብሎም።
2. ሓድሽ ነገር ኣየምጽኡን፣ እዮም ንዝብም፡ ወይ ተሳተፉይ ኮንካ ኣሳባትካን ርእይቶታትካን ኣካፍል፡ ወይ ካልኦት ዘቕረቡዎ ሓሳባት ተቐበል።
3. እቶም ዝኸዱ ይኣኽሉ፣ ንዝብል፡ ዝኸደ ነብሱ ወኪሉ ሓሳቡ ንምሃብ ድኣንበር ኣብርእስኻ ዘሎ ሓስብ ኣይኮነን ዝህብ። ሓሳባት ክምዕቡሉ ዝኽእሉ ንይ ብዙሓት ተሳትፎ ምስ ዝህልዎ'ዩ።
4 ግዜኻ ምጥፋእ'ዩ ፣ ንዝብል፡ ብግዜ ካልኦት ምጥላዕ ምጥላዕ። ግዜ ንዓኻ ወርቂ እንተኾኣና ንኻልእ ጨርቂ ገርካ ዘምሕሳብ።
5. ረሲዔዮ ንዝብል፡ ብሓላፍነታዊ ጉቡኡ ዘይግደስ የመልክት፡ ኣብ ዘለኻዮ ውዳብ ሂወት ዘይብሉ ነብሲ ምኻን'ዩ ዘስምዕ።

ሓደ ውዳበ ወይ ማሕበር ክዕወት ብዝሒ ቁጽሪ ዘይንዓቕ ግደ እኳ እንተለዎ፡ እቲ ቀንዲ ወሳኒ ዓይነት ኣባላቱ ምኻኑ ዘማትእ ኣይኮነን። ይብዛሕ ይውሓድ ዘይንቀሳቐስ እንተኾይኑ ግን፡ ከም ዝሰበበ ዑቋር ማይ ሰቢቡ'ዩ ዝተርፍ። ኣብ መወዳእትኡ ሃፊፉ ይጠፍእ። ስለዚ ንዕቤትን ኣድማዒ ውጺኢትን ኣባላት ኣብ ኩሉ ኣኸባታትን ንጥፈታትን ብትግሃት ክሳተፉ መተካእታ ዘይብሉ ጉዳይ'ዩ። ኣብ ሃገራዊ ጉዳያትና እንገብሮን እነበርክቶን ሓሳባት ብሓደ ከስርሓና ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፡ ውጺኢቱ ኩሉ ግዜ ወርቂ"ዩ።

ሓድነትና ይደልድል፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።